ሰልፊ ናህዳ ኤርትራ حزب النهضة الإرتري

**Eritrean Nahda Party**

## መሪሕነት ሰልፊ ናህዳ ኤርትራ ነቲ ብሒደት ጉጅለ ክካየድ ተሓሲቡ ዘሎ ጉባኤ ዘይሕጋዊ ሙኳኑ የረጋግጽ።

ክቡር ውዱዕ ተቃላሳይ ህዝብና

ድሕሪ ክቡር ሰላምታ

ሰልፊ ናህዳ ኤርትራ ክምስረት እንከሎ፡ ነቲ ብስርዓት ህግደፍ ዝተዋደደ ንሕበረተሰብ ጀበርቲ ንምጽናት ዝተገብረ ውጥን ንምምካትን፡ ብዓቢኡ ድማ ነቲ ኣብ ቆርበት መላእ ህዝቢ ኤርትራ ለጊቡ ደሙ ዝመጺ ዘሎ ስርዓት ካብ ስሩ ቦንቂሩ ፡ መተካእትኡ ድማ፡ ህዝቢ ኤርትራ ብሓበር ኮይኑ ቆጽሊ ዘውደቀሉ ስርዓት መስሪቱ፡ ሰላምን ራህዋን ዲሞክራስን ዝሰፈና ሃገር፡ ምስ ጎረባብቲ ሃገራትን ማሕበረ-ሰብ ዓለምን ተሳኒዩን ተዋሃሂዱን ምንባር እዩ።

ይኹን እምበር ኣብ ታሪኽ ተቃወምቲ ውድባት ይኹን በርጌሳውያን ማሕበራት ቅድሚ ሕጂ ተራእዩን ተሰሚዑን ዘይፈልጥ፡ ንኹሉ ደላይ ለውጢ ህዝብናን ፈተውትናን ብማዕረ ዘሰንበደን ዘደንጸወን፡ ሓደገኛ ክስን ጽለመን ኣመሳሚሱ ፣ ኣብ ልዕሊ መስረትቲ ሰልፊ ናህዳ ኤርትራ ናይ ምስጓግን ምድስካልን ዝገበሮ ፈተነ፡ ዓለም ብዓለሙ ዝኻዓቦ ኣነዋሪ ጽያፍ ተግባር ከም ዝነበረ ኩላትኩም ብቀረባ ዝተዓዘብክሞ ጉዳይ እዩ።

ጠንቂ ናይቲ ኣብ ታሪኽ ጉዕዞ ቃልስና ዘይተጸበናዮ ንሓድነት ሰልፍናን ውሕስነት ቀጻልነቱን ዝፈታትን ዝተኸስተ ውሽጣዊ ቅልውላው፡ ብዙሕ እኳ እንተኾነ፣ ከምቲ ኣቀዲምና ብተደጋጋሚ ግዜ ዝሓበርናዮ፣ እቲ ኣብ መጨረሽታ ታሕሳስ 2015 ካብ 21 ኣባላት ማእከላይ መሪሕነት 8 ኣባላት ጥራይ ዝተሳተፍዎ፣ ኣቦ-ወንበር ማእከላይ መሪሕነትን ካልኦት ኣባላት ፈጻሚትን ማእከላይ መሪሕነትን ኣብ ዘይተረኽብሉ፣ ኣኼባ ኣካይዶም፣ ምልኣተ ጉባኤ ዘይብሉ ህንጻ ሕጊ ሰልፍና ጥሒሶም ክካይድዎ ዝፈተኑ **ፍሹል ዕልዋ** ከም ዝነበረ ርዱእ ኮይኑ፡ ነቲ ዝተኸስተ ቅልውላው ንምፍታሕ፣ ኩሉ ዓይነት ፈተነታት ኣካይድና።

ካብቶም ዝተኻየዱ ፈተነታት ንምዝካር ዝኣክል፡-

ቅድሚ ዝኣገረ፣ መሪሕነት ሰልፊ ናህዳ ኤርትራ፣ ሓድነት ሰልፍናን ናይ ዓሰርተ ዓመት ፍሪኡን ንምዕቃብን፣ ብዓቢኡ'ውን መንኮርኮር ቃልሲ ውጽዓት ንምቅልጣፍ፣ ነቲ መሪሕነትና ዝወረደ ክስን ጸለመን ንድሕሪት ገዲፉ፣ ብምትሕግጋዝ ሰንዓ ፎርምን ብማእከልነት ሓው ማሓመድ ጣሃ ተወከልን ዝተገብረ ሽምግልነት ብዘይ ቅድመ-ኩነት ከም ተቀበልናዮ ኩሉ ዝፈልጦ ሓቂ እዩ።

ብድሕሪኡ'ውን እንተኾነ ብተበግሶ ዓበይቲ ዓዲ ጀበርቲ ዝቀረበልና ሽምግልና፣ ንዘተ ድልዋት ከም ዝነበርናን ነቲ ተበግሶ ብዘይ ዝኾነ ይኹን ቅድመ-ኩነት ከም ዝተቀበልናዮን፡ እቶም ሽማግለታት ባዕላቶም ከረጋግጽዎ ዝኽእሉ መርትዖታት ኣሎ። ብተወሳኺ፡ ነዚ ዝኸይድ ዘሎ ኩነታት ዘይተቀበልዎ፣ ኣባላት ማእከላይ መሪሕነትን ግዱሳትን ኣባላት ሰልፊ ናህዳ ኤርትራ፣ ብናይ ውልቆም ብተበግሶ ኣብ መጨረሽታ ሓምለ 2016 ኣብ በርሚንጋሃም፣ ዓባይ ብሪጣንያ ዝተበጽሐ ናይ ዕርቂ ስምምዕ፡ ዕላማ ሰልፍናን ወጽዓ ህዝቢ ኤርትራ ዘየገድሶም፣ ሒደት ጉጅለ ነቲ ዝተበጽሐ ስምምዕ ብዘይውዓል ሕደር ከም ዘፍረስዎ ምስ ጭብጥታቱ ዝተሰነየ መርትዖታት ኣለና።

ክቡር ተቃላሳይ ህዝቢ ኤርትራ

እቲ ኣብ ሰልፍና ዘጋጠመ ሕማቕ ኣጋጣም፡ ኣብቲ መሪር ጉዕዞ ቃልሲ ውጽዕ ህዝብና፡ ተወሳኺ ጸገም ሙኻኑ ከየተሓሳሰበና ኣይተረፈን። ይኹን እምበር፡ በቲ ጉጉይ መንገዲ ምቅጻል ንዕላማ ቃልሲ ውጹዕ ህዝብና ስለዘየገልግል፡ ንጸገማትና ብሕጋዊ መንገዲ ክንሰግሮ ናይ ግድን ይኾነና። ሰልፍና፡ መታን ናብቲ ንብር ቦትኡ ክምለስ ድማ፡ እታ ሓንቲ ምርጫ፣ ጸውዒት መሰረታት ሰልፍና ምኽባር እዩ። እወ፣ ጸውዒት መሰረታት ሰልፊ ናህዳ ኤርትራ ምኽባር ማለት፡ ካልኣይ ኣማራጺ ዘይብሉ ኩሉ ቆጽሊ ዘውደቀሉ ነቲ ካብ ዝተፈላለየ ጽላታት ሕብረተ-ሰብና ዘሳትፍ፣ ኣብ መስከረም 2016 ክካየድ ተሓሲቡ ዘሎ፣ "ናህዳዊ ጀበርታዊ ዋዕላ" እዩ።

በዚ ኣጋጣም፡ ኩለን ኣሓት ተቓወምቲ ውድባትን ፓለቲካውያን ትካላትን፡ከምኡውን ቤርጌሳውያን ማሕበራት ነዚ ዝወሰድናዮ ናይ መሰረታት ምርጫ ከም ሕጋዊ ውሳኔ ተቀቢለን ነዚ ብሒደት ጉጀለ ከካይድዎ ዝሓስቡ ዘለው ናይ ዕልዋ ጉባኤ እምበር ጭራስ ሕጋውነት ከምዘይብሉ ደጊምና ከነረጋግጽ ንፈቱ።

**ዓወት ንውጹዕ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ**

**ውድቀት ንህግደፍን ሳዓብቱን**

ሰልፊ ናህዳ ኤርትራ- ኣራሚት ሽማግለ

ክፍሊ ዜና10/08/2016